**OHCOW**
Occupational Health Clinics
for Ontario Workers Inc.

# ወሃብቲ ስራሕ ጥዕናኹምን ድሕንነትኩም ክትሕልዉ ናይ ግድን እዩ

## ስራሕተኛታት ድማ ናይ ጥዕናን ድሕንነትን መሰል ኣለዎም

ዝያዳ ፍለጥ

# ከም ሰራሕተኛ፡ ናይዘን ዝስዕባ መሰል ኣሎካ:

✓ ምፍላጥ ✓ ምስታፍ ✓ Refuse

ኣብ ስራሕካ፡ ብዛዕባ ናይ ሓደጋ ምኽንያታት ክትፈልጥ መሰል ኣለካ፣ ከምኡውን ናይ፧:

- እትጥቀመሎም ኬሚካላት፣ ፍርያት፣ ኣቕሑት ወይ መሳርሒታት
- ክትሰርሖ ዝተወሃበካ ስራሕ
- ብዛዕባ ጠንቂ ኮቪድ-19 ዝኾነ ቫይረስ

ኣስራሒኻ ንስራሕካ ከመይ ጌርካ ከምእትሰርሕን፣ ከምኡውን ከይትሓምም ወይ ከይትጉዳእን፡ መከላኸሊ መሳርሒታት ክጥቀምን፡ ሓደጋታት ክትሕብርን፡ ከሰልጥነካ ኣለዎ።

ኩሉ ሰራሕተኛ ኣብ ጉዳይ ጥዕናን ድሕንነትን ናይ ምስታፍ መሰል ኣለዎ፣ እዚ ድማ:

- ሕቶታት ምሕታትን /ናይ ሓደጋ ምኽንያታት ምሕባርን
- ናይቲ ብዛዕባ ጥዕናን፣ ድሕንነትን፣ ብዛዕባ ሓደጋታት ወይ ጸገማት ኣብ ስራሕካ ዝግበር ዘተ፡ ኣካል ኩን
- ኣብ ናይ ሰራሕተኛን-ኣስራሕን ኮሚቴ ጥዕናን ድሕንነትን ምጽንባር፤ ወኪል ጥዕናን ድሕንነትን እውን ኩን

ዝተወሃበካ ስራሕ ሓደገኛ እዩ ኢልካ እንተሓሲብካ ናይ ምንጻጉ (ምእባዩ) መሰል ኣሎካ

- ንዓኻ ወይ ንኻልእ ሰራሕተኛ ሓደገኛ እዩ ኢልካ እትሓስቦ ስራሕ ክትነጽግ ትኽእል ኢኻ። እዚ ንሓላፊኻ ዘይምእዛዝ ኣይኮነን።

ክትክተሎ ዘሎካ መስርሕ ግን ኣሎ። ብዛዕባዚ እታ ሰማያዊት ካርድ ገሊጻቶ ዘላ ተመልከት

ልዕሊ ሓሙሽተ (5) ሰራሕተኛታት እንተሃልዮም፡ ወኪል ጥዕናን ድሕንነትን ሰራሕተኛታት ወይ ሓባራዊ (ሰራሕተኛ-ኣስራሒ) ኮሚቴ ጥዕናን ድሕንነትን ናይ ግድን ክህሉ ኣለዎ።

...

# ሕጋዊ ኣይኮነን

ኣስራሒኻ ክቐጽዓካ (ሕነ ክፈዲ) ሕጋዊ ኣይኮንን እንተደኣ፥

መሰልካ ተጠቒምካ

ኣብ ንጥፈታት ጥዕናን ድሕንነትን ተሳቲፍካ

ሓደገኛ ስራሕ ምስራሕ ኣቢኻ

ንዝያዳ ሓበሬታ **ኣራንሻዊት** ካርድና ተወከስ ወይ ድማ በዚ ዝስዕብ ተራኸበና:

## እቲ ንዓኻ ዝቐረበ ናይ ሕጊ ክሊኒክ ርኸብ

እታ ዝቐረበት ክሊኒክ ርኸብ:

**1-800-668-8258**

ብቕቋንቋኻ ዝዝረብ ሰብ ከቕርቡልካ ሕተት

**www.legalaid.on.ca/legal-clinics/**

## ጉጅለታት ማህበረሰብውን ክሕግዙ ይኽእሉዮም:

**OHCOW**
Occupational Health Clinics
for Ontario Workers Inc.

ኣውራጃዊ ናይ ሓበሬታ ኢሜይል: **mfw@ohcow.on.ca**

ናይ ኢንተርኔት ግጽና: **www.ohcow.on.ca**